Department of Education
GOVERNMENT OF WESTERN AUSTRALIA

# መንእሰያት ምስ ዓለም ዘሎ ሥራሕ ንክራኽቡ ዘሎ ኣድላይነት

## ንወለዲን ሓልየት ውሃብቲን መረዳእታ

ተማሃሮ ብዛዕባ ሥራሕ፣ ዝኸፈሎ ሥራሕን ኣብ ሥራሕ ቦታ ዋጋ ዘለዎ ክዕለትን ካብ ኣስራሕቶም ናይ ምምሃር ዕድል ክረኽቡ የድሊ። እዚ ንኩሉ ተማሃራይ ተግባራዊ ይኸውን፤ በቐጥታ ናብ ዩኒቨርስቲ ምእታው ንዝደልዩ ድዩ፤ ካብ ቤት ትምህርቲ ጠጠው ኣብ ዝብልሉ ቀጻላይ ስልጠና ናይ ምውሳድ ድሌት ንዘለዎም ወይኻዓ ብቐጥታ ናብ ሥራሕ ሓይሊ ንምእታው እቅድ ንዘለዎምን እዩ።

ምስ ናይ ዓለም ሥራሕ ርክብ ምግባር ንመንእሰያት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝመሃርዎ ጠቓሚ ኣለዎ ድዩ የብሉን ንምርዳእ፤ ንዘለዎም ክልል/ኣድማሳቶም ንምግፋሕ፤ ንዘለዎም ድሌት/ትምኒታቶም ከልዕሉን ዝተፈላለዩ ሥራሕቲን ናይ ሞያ መእተዊ መገዲታት ክፉታት ዝኾኑሎም ንምርዳእ ብምጉላሕ ይሕግዞም እዮ።

መንእሰያት ዘድልዮም ዕድላት ነዚኦም ክገብሩ'ዩ:

- እሙናት ከምዝኾኑ ከመስክሩ
- ብኸመይ ይስራሕ ይፈልጡ ምኺኖም ከርእዩ
- ርእሰ ተኣማንነቶም ከመሓይሹ
- ሞያዊ ክዕለት ከመሓይሹ/ከማዕብሉ።

እቶም መንእሰያት ኣብ ስራሕ ዓለም ተሞክሮ ክቐስሙሎም ዝኽእሉ ዕድላት ነዚኦም ዘካትቱ'ዮም:

- ናይ ፈረቓ ግዘን ሓሓሊፉ (ወዝባዊ) ሥራሕቲ
- ብናይ ቤት ትምህርቲ ፕሮግራም ጌርካ ብሥራሕ ቦታ ምምሃርን ናይ ሥራሕ ልምዲ ምርካብን
- ሥራሕ ምኽትታል (ሓደ ምኩር ሰራሕተኛ ክሰርሕ እንከሎ)
- ብፍቓደኛነት/ብወለንታ ምሥራሕ
- ናይ ሥራሕ ቦታ ምጉብናይ/ምብጻሕ
- ናይ ሥራሕ ምፍታንን ናይ ሓጺር ግዜ ናይ ስራሕ ዕድልን (ኢንተርንሺፕ)
- ስፖርቲ ክለብ
- ኣከፋፍታ ንግዳዊ ትካልን መስርሕ ምክያዶምን ይኸውን።

እዚ ተመኵሮ ዝሕግዞ ንሥራሕ ምርካብን ቐጻልነት ኣብ ናይ ሥራሕ ቦታ ንምርግጋጽ ዘድሊዩ ፍልጠታትን ክዕለታትን ኣብ ምህናጽን ኣብ ቦታ ስራሕ ንምምሕያሽ/ንምምዕባልን እዩ።

### ናይ ሥራሕ ክዕለታት/ብቕዓታት ንምህናጽ

ናይ ሥራሕ ኣቕሚ ክዕለታት ዝውክሎ ኣብ ሥራሕ ቦታ ንዝግበር ብጣዕሚ ጽቡቅ ዋጋ ዘለዎ፤ ተቐባልነት ዝረኸበን ዝነኣድ ባህሪ ወይኻዓ ጠባያትን እዩ። ኣስራሕቲ ኣድላይነት ናይ ሰራሕተኛታት ብቕዓታት ስራሕ ከመስክሩ ክኽእሉን ክህልዎምን በብግዚኡ ዝጸቕጥሉ ዘለው'ዩ።

ብሃገራዊ ኮሚሽን ክእለታት (National Skills Commission) ኣገደስቲ ስራሕ ንምርካብ ዘኽእሉ ክእለታት ተባሂሎም ዝተለለዩ ነዚኦም የካትቱ፣


CC BY Exclusions may apply

- ኣብ መንጎ ውልቓሰባትን ምስ ሰባትን ናይ ምርኻብ ክዕለት
- ናይ ምውዳብ፣ ምውህሃድን ክዕለት እቕድ አወጻጽኣ
- ተኣማኒነትን ተበግሶን
- ብግቡእ/ነቓፌታዊ ምሕሳብን ጸገም ኣፈታትሓን
- ብዘረባ ርክብን ብሓባር አሰራርሓ ክዕለት
- ተለማዳይን ተዓጻጻፊ ባህሪ ማማሚነት
- ዲጂታል ምንባብን ምጽሓፍ



D22/0034614
9/02/2022

Exclusions may apply